# ዓቢይ ሥነ-ጥበበኛ እስጢፋኖስ ገብረዮሃንስ ብኸፊሉ እንክዝክር

======//////======////////==========///////======//////=======

ክቡራት ኣንበብቲ፡ብዛዕባ ዓቢይ ሥነ-ጥበበኛ እስቲፋኖስ ገብረዮሃንስ ረዳ ኣድሂበ-ሎሚ ብዙሕ ነገር ብዛዕብኡ ከም ሰሃሮን ሃረርታ ልበይን ክፈልጥ ክኢለ ኣሎኹ።



#ትማሊ ምሽት (ዕለት 21 ሕዳር 2019 ዓ/ም/ፈ) ኣጋጣሚ ምስ ገዲም ሥነ-ጥበበኛ በየነ ኃይለሥላሴ በየነ ተራኺብና ነበርና።ብድሕር'ዚ ኣብ ስራሕ ተጸሚዱ ብምውዓሉ፡ድኻም ተጻኢንዎ ብምንባሩ ኸኣ፡ገለ ክብለኻ-ክጋብዘኻ ቢሉ፡ኣብ ከባቢ ሃያ-ሁለት ናብ ትርኸብ-ሓደ ቤት መግቢ ወሰደኒ።

ኣብ'ቲ ቤት መግቢ ድማ ምሸት ምድሪ ድራርና እናተመገብና፡ብዛዕባ ሙዚቃን ታሪኽን ኣድሂብና ምውጋዕ ከም ልምድና መጠን ፈለምናዮ።

በየነ ድማ ዝኰነ ብሥራት ኣሎኒ ቢሉ-ብስራቱ ይነግረኒ፡ምስ'ቲ ዚነገረኒ ብስራት ድማ ብሓይሊ ጸሎት ዝመጸ ምኳኑ ወሲኹ ይሕብረኒ።ንሱ ማለት በየነ፡"ሎምዓንተ ቅዱስ ሚካኤል ኣይሕፍረንን ኢዩ።ሎሚ ቅነ ክጽልዮ ዝቀነኹ ጸሎት፡ሰሚሩለይ እኾ! ጸሎት ብግብራ ብዙሕ ተሳልጥ ኢያ ዝብልዎ ሓቆም ኢዮም። 'ከይተሓለልካን ከይተሰላከኻን፡ንፈጣሪ ማዕጾ ኳሕኩኹ`ዩ`- ዝብልዎ ሲ፡ዘይነተግብሮ ደኣ ኮይና እምበር፡ብልብኻ ተጻሊኻ-ሲ ለካ ጸሎትኻ ይሰምር እባ ኢዩ።"-በለኒ።

#ኣነ ድማ ብጸሎቱን ብሃንቃ ልቡን፡ተመሲጠ ልዑል ሰሃሮ ገይረ እሰምዖ ነበርኩ።ብድሕሪ'ዚ ዕላልና ናብ ድሕሪት መቃን ጊዜ-ናብ ጊዜ ደርግ ተመሊስና- ብዛዕባ ኣስመራ ባንድን ኣዱሊስ ባንድን ኰነ ብዛዕባ እስቲፋኖስ ገብረዮሃንስ ጥበባዊ ሕይወቱን ካልእ ድማ ብዛዕባ ሙዚቃ ሰፊሕ ኣቢልና ዕላል ንዕላል-ንሓመድ ድጉሪ ከም ዘውጽኦ ግዲ ኮይኑና ክሳዕ ንክእል ኣብ ርክብና ኣዕለልና።ብልበይ ግን ንመመላእታ ሰዓትን ፈረቓን ዝኸውን ጊዜ ከነዕልል ከለና፡ብዛዕባ 'ኣደ እስቲፍ-ሲ ይረኽበን'ዶ ይኸውን፧'- ቢለ ብዉሽጠይ እሓስብ ነበርኩ።

#ምኽንያቱ፡ኣደ እስቲፍ ምስ እርጋንን ምስ ዘለወን ጓሂ-ልበንን ኰነ ናይ ጥዕና ጸገመን ተተሓሒዙ፡ብዛዕባ እስቲፋኖስ ክዛረባን ምስ'ኡ ዝተሓሓዘ ኸኣ ምስ ሰባት ክራኸባ ባህጊ ከም-ዘይብለን፡እናሻዕ ካብ ፈለጥተንን ቤተሰበንን እሰምዕ ብምንባረይ'ዩ።

ኣብ ልዕል'ዚ ድማ ጉዳይ ጥዕነኣንን ሃለዋተንን ከም ዘገድስ ምስ ዝምልከቶም ኣባል ቤተሰብ ኣቐዲመ ኣብ ወግዕና ተዘራሪበ ብምንባርይ፡መደባተይ ብምስንኻሉ በቲ ሓደው ወገን ሓውሲ ሓዚነ'የ፤በቲ ሓደው ወገን ድማ 'ጉዳይ ሃለዋተንን ጥዕነአንን ቀዳመነት-ክወሃቦ ከም ዝግባእ ኣይ-ተዘራሪበ እንድየ ቀደሙ!'-በልኹ ብልበይን ንዝኰነ ሰበን።

ለይቲ ኣብ ኣጋ ምድቓሰይ፡ድማ ደወል ሓሳብ ደወለለይ፡ንሱ ድማ 'በየነ እምነቱ ኣብ ኣምላኽ ኣንቢሩ፡ሓሳቡን ጸሎትን ካብ ተሰምዐ፡ኣነ እውን ክጽልይ ኣለኒ'- ቢለ ወሰንኩ።ንግሆ ድማ ብዝተሳእኩ ምኽሪ ኤልያስ መልካ ዓርከይን ካልኦት መኸርተይን ኣብ ግምት ኣእተየ፡መጽሓፍ ቅዱስ ከንብብ ኣለኒ ዝብል ሓሳብ ደረኸኒ።

በዚ ድማ ብጊሓቱ መጽሓፍ ቅዱስ ገናጺለ፡ምንባብ ጀመርኩ፡መጽሐፈ ትንቢት ዳኒኤል እዩ ነይሩ እቲ ዘንበቦ ገጻቱ ዚነበርኹ፡ድሕሪኡ ሻድሻይ ክፍሊ ኮይነ ዘንበብኽዎ ምዕራፍ ትዝ በለኒ-እሞ ብጥበብን ምስትውዓልን ነቢይ ዳኒኤልን ምስ ስም ስምን ኩነታትን ሓወይ ኣብ ግምት ኣእቲየ ከሰላስል ጀመርኩ፡እተን ዝተረፋኒ ፍቕድታት እናኣንበብኹ ድማ ኣብ መንጎ ስልኺ ተደወለኒ።

# እቲ ዝተደወለኒ ድማ ካብ ስድራ-ቤት እንዳ እስቲፋኖስ ነበረ- እሞ 'ብልበይ ጸሎተይ ግዲ ተሰሚዑ ኢዩ!'-በልኹ ብልበይ።ኣልዕል ተበልክዋ ንሞባይለይ ኸኣ፡ንማማ ታደለሽ ገብረሕይወት ክረኽበን ከም ዝኽእል ካብ መልእኽቲ ደዋሊት ተሓበረኒ፡ብቕጽበት ስምዒተይ ከም ገለ ኩነኒ፤ንኣምላኽ ብልቢ ኣመስገንኽዎ፡ንበየነ ድማ ብልበይ ነኣድኽዎ፤ምኽንያቱ ኣብ ወግዕና፡ "ኣምላኽ ጸሎት ዝሰምዕ፡ዘይሕፍር ኣምላክ ኢዩ"- ዝብል ዕላሉ ከመቕጽበት ተቀጂለኒ።

[#እሞ](#) ጽባሕ ሚኪኤል እዩ እሞ ጸበል መጺኣኻ ጠዓም ኢኻ ኢሉኒ ሰዓት 9፥00 ትማሊ ስለ-ዝተፈላለና ድማ እቲ ቅድሚ 100 ዓመት ኣቢሉ ኢዩ፣ሃለቃ ተወልደመድህን ገብሩን ኣቦይ ጎበዜ ጎሹ፡ካብ ኣስመራ ናብ ዓድዋ መጺኦም፡ዘዕለልዎን ጸበልን ዝኸርን ኣብ ግምት ኣእትዩ-“ ዓቢይ ትውፊት ወለድና እዩ እሞ መድሃኔ ዓለም ንዝኸሮ ሓደራ”-ዝተብሃሃልዎ ጽዋን ምኽርን ትዝ በለኒ።

[#ንግሆ](#) ምድሪ፡ስልኪ ተደዊሉኒ፡ኣብ ዝጠዓመኻ፡ግዜ ክትመጽእ ትክእል ኢኻ ስለ ዝተብሃልኹ፡ኣነ ድማ፥ "እዋእ፡ኣነ እሞ ዝተረፈ-ይትረፈኒ እምበር፡ገጽ ኣደ ፋኑስ ሕጂ መጺአ'የ ዝርእይ፡እሞ ሕጂ ክመጽእ ይኽእል ኢየ።"-በልኽዋ ንንእሽተይ ጓለን።

ሽው፡ጓለን ድማ ምስ ማማ ታደለሽ ብቐጥታ ክዘራረብ ንወያ ስልኪ ንዕዐን ከዛርብ ኣረኪብትኒ፡ኣብ ዕላልና ድማ ሕጂ እናንየኹ ክመጽእ ኢየ ከም ዝበልኽወን፡ድማ ከም ኢራብ ጉያ-ጉያ ቢለ ገዝአን ኸድኩ።

[#ናብ የካ ኣባዱ እግረይ ኣምሪሐ፣ኣብ መንበሪ ቤተን ብዝኣተኹ፣ገጸን](#) ርእየ ተበክክወን እቲ ዕላመት ትርኢት ገጸን ዝፈልጦ ገጽ ኮይኑ ጸኒሑኒ።ለኻ ቕድሚ ሎሚ ማለት ቕድሚ ገለ ዓመታት ኣብ ሓደ ቦታ ተራኺብና ነይርና ኢና፣ንሱ ኸኣ ኣብ ሓደ ማሕበራዊ ዉራይ- እቲ ማሕበርዊ ጉዳይ ዘራኸበና እንዳ ሓዘን ብምንባሩ ጊዜ ሂቡና ከም ሰሃሮ ልብና ኣየዕለልና ኢና- ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ተፈላሊናን ሓበሬታ ኣብ ዘይነበሮ ኩነታት ስለ-ዚነበርና።እንተኾነ ብዝተራኸብና ግና ርሱን-ዕላልና ከም ኣደን ወድን ኮይና ኣሃዱ በልናዮ።



[ኣብ መጋርያ ዕላልና፡](#)ማማ ታደለሽ፡ከርሲ ታሪኽን ጽንዓትን ምዃነን- ንእለቱ ካብ ተመኽሮ ሕይወተትንን ካብ ዘሕለፍኦ ስቓይን ተመሃርኹ።ልዕሊ ኩሉ ንሰነድ ዘለወን ኽብርን ዕሊ ክእለት ምዝካረን ምሒር ኣድነቕክዎ።

[#ኣብ](#)`ቲ ዝገበርናዮ ሰፊሕ ቤተሰባዊ ዕላልና ኸኣ፡ብዛዕባ ዓቢይ ካድር ነበር ጸጋ-ሉኡል ኪሮስ ብፈዳይን ዝተቐንጸለ፣

[#ብዛዕባ](#) ተበርሀን ተስፋሕይወትን ቤተሰባን፣

#ብዛዕባ ጸጋይ በራኺን ታሪኽ ስድራ-ቤቱን፥

#ብዛዕባ ንትምህርቲ ዝነበረን ጻምእን ቕድሚ 70 ዓመት ዚነበረ መንፈስ ትምህርቲ፤




#ብዛዕባ ኣብ ጉዕዞ ህይወተይ ብልበይ ዘድንቕም፡ርእሰ ደርቢ ዑቕባ እንድርያስ ዓሰቡን ታሪኽ ኣጀማምራ ዘመናዊ ትምህርቲ ኣብ ከባቢ ሓድሽ ዓድን ዕዳጋ ዓርብን፡ኩነ ቤት ትምህርቲ ኣግኣዝያን ስርዓተ ኣመሃህርኦምን፣

#ብዛዕባ ንዓይ እቲ ብሉጽ ጋዜጠኛ ኣርኣያ በላይን ታሪክ ስድራ ቤቱን፣

# ብዛዕባ ኣርካን ጥበበኛ ኣተወብርሃን ሰጊድ፥

# ብዛዕባ ዘርኣይ ደረስን ኣሉላ ኣባ ነጋን ምስ ወደን እስቲፋኖስ ዝገብሮ ዚነበረ ጽሑፋዊ ኣበርኽቶን፣

#ብዛዕባ ፍቕሪ ቀደምን ቕንዕናን፣

#ብዛዕባ ኩነታት ኣማውታ ፋኑስን መርድኡን ወዘተ ን 3 ሰዓትን ገለ ደቃይቕን ባህ ኢሉኒ፡ተድላ ልበይ ንዳራ ክሳብ ዝዓርግ ኣዕልል ኣበልና።ኣዚየ ተሓጉሸን ዕግበት ተሰሚዑኒ ኸኣ ወዓለ።

እዚኣተን ዝኣመሰላ ኣዴታት ከም ሃረም ክቡራትን ቐርሲ ታሪኽ ምዃነን ኣስተውዒለ፡ኣብ ልዕሊ እዚ ሓቂ ተኲልኺለን ስለ ዝዛረባ ክተሓዋወሰን ፍጹም ኣይትዕዘብን ኢኻ።

ለካ ሓቆም ኢዮም ወለድና ሲ፡ጥዕና ኣብ ሓቅነት፥ኣብ ፍትሓውነትን ሰብ ኮይንካ ከም ሰብ ክትሓስብን ክትነብርን ኢዩ ዝብልዎ ሲ፡ንግደ ሓቂ ኣዴና ማማ ታደለሽ ሓንቲ ካብተን ክብርታትናን ዕንቁታትናን ኢየን ኣቢሉኒ ኣሎ።

#እተን ዓባይ ኣደ ድማ ወ/ሮ ድንቅነሽ ወልደኣምዝጊ ኢየን ዝበሃላ።ወላዲት ኣዲኣን ኢየን።ብሓቂ ድማ ካልኣይቲ ኣደ



እስቲፋኖስ ኢየን ነይረን ክበሃል ከም ዝከኣል ካብ ምስክርነት ወላዲት ኣዲኡን ኣሕዋቱን ከረጋግጽ ክኢለ እየ።ኣብ መበል 108 ዓመተን ኢየን፣ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልየን።

እዚ ኸኣ ልኸዕ፡መሰታ እቶም ንፍርቂ ዘመን ንቤተ ክርስትያን እንዳ ማርያም ዝመርሑን ንኣሽሓት ደቂ ሓበሻ ብርሃን ዓይኖም ዝኸፈቱ በዓል እምባ ደርሆ ዝኮኑ፡ርእሰ ደርቢ ዑቕባእንድርያስ ዓስቡ ኢየን።

እዚ ኣርእስተ ዛዕባ እዚ ካልእ ጊዜ ኣስፊሐ ክገልጾ`የ።

ቕድሚ ጽሑፈይ ንሎሚ ሃታ ሃታ ኢለ ዝጽሓፍኽዎ ምዛዛመይ ድማ እቲ ንጉስ ጭራ-ዋጣ ዝስመየ ገብረጻድቕ ወልደዮሃንስ ኣብ መዓልቲ ጥምቐት ሥነ-ጥበበኛ እስጢፋኖስ ገብረዮሃንስ ረዳ፣ጭራሑ ሒዙ ከም ዝወዓለን መንገሻ ጎጀ ተኮነ ክርስሩ ሒዙ ምስ ገብረጻድቕ (ጻድቓይ) ተላፊኑ ሕጉስ መዓልቲ ከም ዝሕለፉ፣ንድሕሪት 60 ዓመት ኣቢሉ ዝከረን መሊሱ፣ንዓይ ድማ ግርም ዝኮነ ምስክርነትን ምስ ምምእራር ታሪኽ ገብረጻድቕ ዝነበረኒ ገለ ሕጽረታት ኣብ ምምላእን-ገብረጻድቕ ኣብ 1967 ዓ/ም/ፈ ኣብ ኣስመራ ኢዩ ነይሩ ዝብል ተሪር ዝሕላገቱ ክትዐይን እምነተይን ምስክርነትን ወ/ሮ ታደለሽን መምህር ኣፈወርቂ ገዘኘን ካልኦትን ወሳኒ ግደ ገይሩለይ ኣሎ።ክብሪ ድማ ይግበኣን እዩ እብል።

ኣብ መወዳእታ፡ንኽብርቲ ኣዴና ማማ ታደለሽ ገብረሕይወት ብልቢ እናመስገንኹ።ንበየነ ድማ ከማስዎ ግድነት ኢዩ እብል።ካልእ ግዜ ብሰፊሑን ብዓሚዩቕን ኣገባብ ናብ ኣንበብቲ ከብጽሕ በዓል ተስፋ ኢየ።
ንሎሚ ምዓልቲ ብምኽንያት ሚኪኤል ሕዳር እዚ ይኣኽል ኢዩ ዝብል እምንቶ ኣለኒ።